**Departement für Erziehung und Kultur**
Fachstelle für Kinder-, Jugend- und Familienfragen

Thurgau

**ምስ ቆልዑ ምዝርራብ**

# ንህጻናት ኣብ ትምህርቲ ቋንቋኦም ምዕጃብ - ካብ መጀመርታ

ሓበሬታ ንወለድን ኣላዩን




# ምስ ቆልዑ ምዝርራብ

**ቋንቋ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ስለምንታይ እዩ፧**
ህጻናት ኣብ ኩሉ ቦታ ቋንቋ የድልዮም: ኣብ ገዛ: ኣብ መንገዲ: ኣብ መጻወቲ ጉጅለ ወይ መዓልታዊ መዕበዪ ህጻናት: ድሒሩ ድማ ኣብ መዋእለ ህጻናትን ቤት ትምህርትን:: ብሓባር ምንባር: ስምዒት: ምሕሳብ: ምጽዋትን ምምሃርን - ቋንቋ ኩሉ ግዜ ኣብ ኩሎም ማእከላይ እዩ። ካብ መጀመርታ ንውላድካ ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ኣሰንዮ!

**እንታይ ክትገብር ትኽእል፧**



ኣብ መዓልታዊ ህይወት ምስ ውላድካ **ብዙሕ**ተዛረብ።




ውላድካ ምስ **ካልኦት ቆልዑ** ክጻወት ፍቐደሉ። ብዝተኻእለ መጠን ምስ ቋንቋ ጀርመን ዝዛረቡ ህጻናትን ዓበይትን ርክብ ክህልዎ ፍቐደሉ።



ንውላድካ ስምዓዮ እሞ ብትኽክል **ክትርድኦ** ፈትን።



ምስ ውላድካ መሳጢ **ዕላል** ምግባር: ብዛዕባ ተመኩሮታት ጸብጻብ ሃብ: ዛንታታት ምዝራብ: ንዓለም ግለጽ።



**ንውላድካ ናብ ዓለም** ሚድያ **ኣሰንዮ**። መጽሓፍቲ: ቲቪ: ስማርትፎንን ኢንተርነትን ብሓባር ድለዩ።




ንውላድካ በቲ **ዝሓየለ ቋንቋኻ** ተዛረቦ። በዚ መንገዲ እዚ ዕላላትካ ህያውን ሃብታምን ክኸውን እዩ። ውላድካ ኣብ ገዛ ብዙሕ ቋንቋታት እንተ ኣጋጢምዎ: እዚ ኩነታት እዚ ጥራይ እዩ ክጠቕሞ ዝኽእል።

**ዝኾነ ሕቶ ኣለኩም ዶ? እዞም ሰብ ሞያ ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም።**

- → እቲ ኣብ ማሕበረሰብካ ዘሎ ናይ ኣዴታትን ኣቦታትን ምኽሪ
- → ሓኪም ህጻናትካ
- → ናይ ጸወታ ጉጅለኻ ወይ ናይ መዓልታዊ መዕበዪ ህጻናት ምሕደራ

**ኣብነታትን ተወሳኺ ሓበሬታን ኣበይ ክትረክብ ትኽእል፧**

ሓበሬታ ንወለድን ኣላዩን ከምኡ ውን እዚ ፍላይር ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት፤ elternwissen-tg.ch/sprich-mit-mir

ቪድዮታት ናይ መዓልታዊ ዕላል ምስ ህጻናት: kinder-4.ch

2ይ ሕታም ግንቦት 2023